


# ቀንዴል ሂወትና !



ሕልፊ ኣለዎ ! ብርሃን ናይ'ዛ ቀንዴል
ንዝዓነወ ሃኒጹ ጸኒዑ ክትክል
ተተኺሉ ከጽልል ንኹሉ ከማእክል
ንኹሉ ከካፍል ብማዕረ ክመቅል
ሕድሪ"ዩ ናይ'ቲ ኣብልብና ዘሎ ቀንዴል ፧

ኣጸደ ብርሃ ዘይድብን ፈጺሙ ዘይድስክል
ብልሒ ሴፉ ንጸርጊ ተርቢዑ እኔኹ ዝብል
ጽውግታኡ ገኒሑ ንኣባይ ዘባህርር ዝድህል
ንሱ እዩ እቲ ነባሪ ናይ ልብና ቀንዴል
ሂወቱ መኒኑ ጸጋ ጠሊ ሂወት ዝዕድል ፧

ይመስል ይኸውን ኣብ ምዓሙቕ ምስፋሩ
ደይስግኡ'ዩ ሂወቱ ድኣ ምስክብራ ኣብዝፋኑ
ኣንሀ'ንዶ ከምጽገሬዳ ዓምቢባ መትከሉ
ራህዋ ንሓዋሩ ሰሊማ ብማዕረ ንኹሉ ፧

## ቀንዴል ልብና !

ፍቕሪ'የ እንተበልካና ንብል ኣቤት
ምሕረት'የ እንተበልካና ንብል ኣሜን
ናጽነት ዝወለደ እዚ ቅዱስ ቁርኣን
ዳዊቱ ዝድብስ ዘይጠልም ድርብ ኪዳን
ስብሃት ኢልና'ወ ኣማን ብኣማን ፧

ስለ ነዚ እወታዊ ክዉን ንክኸውን !
ኣብቲ ርሱን ሞቕሎ ምድባሉ ጸላእቱ ርዒመን
ኣብ ወፍሪ ምስተኸሽመዳ ከምትኪ በኒን
ይውክኻ ኣለዋ ብዓል ዕንቅርቢት ተመን
ፍቕርቲ ሃገርካ ግን ብመዐየሪ ኣልማዝ ትትመን
ህዝብኻ ተሰይሙ ኀይታ ጽንዓት ደጅን ፧

ኣየወ ! ኣዘኪርካኒ እኒ ብዓል ሓሹል ተመን
ፍኖተ ሂወት ብመስዋእትኻ ተዓዲለን
ምሒር ዝጸገባ ኣብዛዓለምና ምንባረን ፧

ተመሊስካ እንተትርእየን ተካል ወጅህኣን
ዳግማይ ምፍጣረን ብሳላኻ ምኳኑ ክሒደን
ጭፍራ ማለሊት ብጥልመት ተኺሒለን
ከምሽንቲ ገመል ናይ ኣቦታተን ዘኪረን
ይሕሸና ኢለን ምስ ሳጥናኤል ሓዳር ጌረን ፧

ክንዲ ፍቕሪ ዘቐበልካየን ሕቛፍ ዕምበባ
ሓንጊርካ ዘእቶኻየን ናብቲ ኣዲስኣበባ
ዘየልናዮ ኮይኑግን ንጥልመት ክሻበባ
ማይ ንዓቓብ ኮይኑ ንመቕበርካ ክብርብራ
ንህዝብኻ ጸሊኣን ንምጽናቱ ዝዓስከራ
ንህላዌና ቀኒኣን ክስሕላ ዝመረተ ካራ
መቓረት'ዛ ዓለም ጠፊኡና እምብዛ መሪራ ፧

ኣበይ ንምብጻህሕ'ዩ ግን
እዚ ኩሉ ዳምዳም ፧
እቲ ሓቂ ንጎድኒ ገዲፍካ
ኩምራ ሖሶታት ምቕዳም፧
ንጥፍኣት ዘንቀደ ክንዲ ሰላም
ብርሃን ነፊጉ ዝናፈቐ ጸላም ፧

ኣንታ ክሒዳ ጭፍራ ማለሊት
መቓብር ስዉኣትና ትዓጢቖ ካብዘፍርስ
ክብረት ዘይለመደ ከምክንቲት ዝፎክስ
ኮቶ ! እኮይና ንተግባራቱ ዘይንድቕስ ፧

## ቀንዴል ሓርነት !

ሰብኣውነትካ ግን ኣፍ ኣውጺኣ
እዛ መሬት እቲ ሓቂ ነጊራ
ስበትካ'ወ መሰለትካ ኤርትራ
ፍጹም ምሉእ ምስ ቀይሕ ባሕራ
ሸሻያ ክቡክር እንሄትለ ኣዝሚራ ፧

ኮይኑ ግን ክወግሕ'ዩ እናበልካኒ
ኣብቲ ዳዝዳዝ ካብ ኣፍደገ ክትፍለየኒ
ካባይ ምኸዋልካ ካባ ሓርነት ክትከድነኒ
እንተዘይትብጆ'ስ እንታይኮን ምረኸበኒ ?

ደይ ምሒር ሰብ ኮይነ ኣመና ሰሲዐ
ቀያሕቲ ከይከፊልካ መሬት'ዶ ምወግሐ
ንጸልማት ቀንጢጡ ሂወትና ዘብርሀ
ድምጺ ሓቂ ነዲሩ ብዓውታ ዘስምዐ
ሱር ሰዲዱ ንኽፊሪ ሰዊቱ ኣጕላዕልዐ ፧

ቅሰን ኣንታ ቃንዴል ኀይታ ልቢ
ኣለኻ ኣብኩሉ ትዛሪ ከምሰርቢ
እቲ ዋርሳይ ወሪሱ ሕድሪ ተረካቢ
ይክኣሎ ጸኒዑ መትከልካ ክናቢ
ሓቂ ሰዊዳ ንመብጽዓኻ ከተዕቢ
መንገብገብ ኣውጺኣ ንዓለምና ትዝምቢ
ቅሰን ኣንታ ቀንዴል ስራይ ልቢ ፧

ሳላኻ እወ እነብር ኣለኹ ኮሪዐ
ኣብ ስሕለት ተሳሒለ ተቢዐ
ክብረይ ወኒነ ምስዓለማት ተሰሪዐ
ንልምዓት ይጉዓዝ ማይ ሂወት ሙዒጕ ፧

ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና !

ዓወት ንሓፋሽ !
ንዝኽሪ 20 ሰነ ፧ መድሃኔ ተስፋኣለም ፧